# "ሰምና ወርቂ" ኣዘራርባ ኢትዮጵያዊያን።

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅሳነትን ዋሕስ ዘለዎ ጉርብትናን ኔርዎ ዝብሃል እዋን እንተሎ ምናልባት ሓጾር እዋን ኮይኑ ካብ 1991 ክሳብ 1998 ዘሎ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ካብዚ ብዝተረፈ ግን ታሪኽ ካብ ዝዝክሮ እዋን ጀሚሩ ህውከት፣ ዘይቅሳነት፣ ምጥርጣራት፣ ግፍዕታት ዝመልኦ ዓመጻትን መግዛእትን ኢዩ ኔሩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ምናልባት ቅንጣብ ናይ ምግናን ኢዩ ክህልዎ ዝኽእል።

እቲ ዝሓለፈ እዋናት ክግለጽ ከሎ ቅሉዕ መግዛእትን ንውዑ ንምቅዋም ዝተኻየደ ቃልስን ኣብ መወዳእታኡ ከኣ ብኢትዮጵያዊያን ዝተገብረ ምጽናት ኤርትራዊያን በርዒኑ ባንጻሩ ህላዌ ኤርትራዊያን ብዓወት ዝተዛዘመሉ እዋን ስለዝነበረ "ሰምና ወርቂ" ዝብሃል ኣዘራርባ ኢትዮጵያዊያን ትርጉም ኣይህልዎን ኢዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ኩነታት ምስጥራት እንዳኾኑ፣ ሕልኽልኻቶም እንዳዛየደ ስለዝመጸ ነቲ ግድላት "ሰምና ወርቅ" ዝብሃል ኣዘራርባ ኢትዮጵያዊያን ተጠቒምና ክንፈትሖም ክንግደድ ኢና። ከመይሲ ኣናፍራ ቆጇሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን ከምዝብሃል ከምኡ ከኣ ኣካይዳ መከራኸርትኻ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ። እምብኣር ቅድሚ ነቲ ዋና ጉዳይ ምጉዝዛይና ኣቐዲምና ብዛዕባ "ሰምና ወርቅ" ኣፍልጠ መታን ክህልወና ቀጺሉ ክቐርብ ኢዩ።

"ሰምና ወርቅ" ክብሃል ከሎ ንሓደ ኣበሃህላ በቲ ቅሉዕ ትርጉሙ ማለት በቲ ልሙድን ሕያዋይን ኣበሃህላ፣ ኩሉ ብቕንዕና ዝፈልጠን ዝትርጉሞን ክኸወን ከሎ እቲ ምስጢራዊ ትሕዝትኡ ግን ኣእምሮኻ ኣጨኒካ ተመራሚርካ ትረኽቦ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብሃህላ ኢዩ። እምብኣር እቲ ቀዳማይ ትርጉም "ሰም" ክብሃል ክሎ እቲ ዳሕረዋይ ኣተሮጓጉማ ግን እቲ "ወርቂ" ዝብህል ኢዩ። ስለምንታይ ኢዩ ከምዚ ዓይነት ኣሰያይማ ተዋሂብዎ ንዝብል ሕቶ መልሱ ናብ ሰራሕቲ ወርቂ ማለት ንስልማት ዝኸውን ዝተፈላለየ ቅርጽታት ዝሰርሑ ሰብ ሞያ ኢዩ ዝመርሓና። ሰራሕቲ ወርቂ ብመጀመርያ ነቲ ዝደልይዎ ዓይነት ቅርጺ በዚ "ሰም" ዝብሃል ጥረ ነገር (ከም ሽምዓ ትሕዝቶ ዘለዎ ኮይኑ) ብዝተፈላለየ መሳርሒ ጌሮም ነቲ ቕርጺ የወጽእዎ። ብድሕርዚ ነቲ ወርቂ ኣቕልጠም ኣብቲ ቅርጺ የፍስስዎ። ምስ ዝሓለ እቲ ዝድለይ ቅርጺ ይሕዝ። ኣብዚ ኽፍለጥ ዘለዎ ነቲ "ሰም"ን ነቲ ወርቂን ንምቕላጥ ዝተፈለለየ መጠን ሓዊ ስለዘድልዮ ማለት እንደገና ብምጡን ዋዒ ብቐሊሉ ነቲ "ሰም" ኣቕልጠም ነቲ ስልማት ወርቂ የውጽኡዎ ማለት ኢዩ። ስለዚ ነቲ ቅርጺ ወርቂ ንምርካብ በቲ "ሰም" ሸፍኖም ኣቅርቦሞ ማለት ኢዩ። ከምዚ ኢዩ እምብኣር ኣብሃህላ ኢትዮጵያዊያን ነቲ ኽብልዎ ዝደልዩ ምስጥራዊ ኣዘራራባ በቲ ቅኑዕ ኣበሃህላ ዝሸፍኖዎ። ካብዚ ቀጽልና ሓደ ሓደ "ሰምና ወርቂ" ኣበሃህላ ክንርኢ ኢና።

ብ"ሰምና ወርቂ" ኣዘራርባ ውሩይ ኔሮም ዝብሃሉ ኣባ ገብርሃና ዝተባህሉ ኢትዮጵያዊ እዮም። ሓደ ግዜ ኣብ ክሳደም ከምዚ ዕንፍሩር ኣሚስላ ጥረ ነገር ወጽኣቶም ሓሚሞም ይሰቃዩ ኔሮም። ከምዚ ዓይነት ሕማም ድሕሪ ግዜ ሕብጥ ይብል እሞ ባዕሉ ፍርጥዕ ኢሉ ይኾስል። ብድሕርኡ እንዳቃሕመመ ይድሕን። እቲ ቁምነገር ኣብዚ ናይቲ ሕማም ኣደሓሕና ምስቲ ባዕሉ ምሕባጡን ብድሕርኡ በቲ ሕበጥ ምኽንያት ባዕሉ ምፍርጥውን ኢዩ። ካብ ግዜ ሓደ መዓልቲ ኣብ ገብረሃና ኣብ መንገዲ ከለው ሓንቲ ሰበይቲ ተጓንፎም እሞ ድሕሪ ሰላምታ ምልውዋጥ እቲኣ ሰበይቲ ንኣባ ገብረሃና ክሳድኩም ድኣ እንታይ ኮንኩም ኢላ ሓትታቶም። እሶም ከኣ እነሄልኪ እዚ ጓላይ ከምዚ ጥረ ኣምስላ ወጺኣትኒ ተሳቕየኒ ኣላ እሎማ። ብድሕሪኡ እሳ ከኣ በሉ ምሕረት ይኣዝዘልኩም እላቶም ብግስ ክትብል ከላ ንሶም ከኣ <u>ከምዚ ኣፍኪ ይግበረለይ</u> እሎማ ይብሃል። እምብኣር ኣባ ገብረሃና <u>ከምዚ ኣፍኪ ይግበረለይ</u> ክብሉዋ ከለው እቲ "ሰም" ማለት እቲ ሕያዋይ መግለጺ ቅንዕና ዘለዎ ከምቲ ጽቡቕ ትምኒትኪ ይግበረለይ ማለቶም እዮም። እቲ ካልእ ትርጉም "ወርቂ" ዝብሃል ከኣ እቲኣ ሰበይቲ ከንፈራ ብፍላይ እቲ ላዕለዋይ ክፋል ድርብ ኮይኑ ሕብጥ ዝብለ ነገር ስለዝነበረ ከምቲ ኣፍኪ እቲኣ ዕንፍሩር ሕብጥ ትበለለይ ማለቶም ኢዩ ኔሩ። እምብኣር እነሆልኩም ኣብሃህላ ኢትዮጵያዊያን ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምስጥራዊ ኣዘራርባ ኢዩ። ቀጽልና ኣብቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ክንምለስ ኢና።

ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ዓመት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣውጽኤዮ ዝበሎ ብዓል ሓሙሽተ ነጥቢ ናይ ሰላም እማመ፣ ንብይን ኮምሽን ዶብ ብመትከል ከምዝተቐበሎ ዝገልጽ ጉዳይ ኢዩ ኔሩ። ሕጂ ዘዛርብ ማለት እቲ ቁምነገር፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመትከል ምቕባሉ ዘይኮነስ ከመይሲ ንኽቕበሎ ብውዕል ኣልጀርስ

ስለዝቕሰብን ፈትዩ ረድዩ ዝፈረምሉ ውዕል ስለዝኾነን እቲ ዘዛርብ ንምንታይ ብመትከል ዝብል ሐረግ ተጠቒሙ ዝብል ኢዩ። ነቲ "ብመትከል" ዝብል ሓረግ "ሰምና ወርቂ" ትንታኔኡ ክንርኢ ኢና።

መጀመሪያ በቲ "ሰም" ትንታኔ ንጀምር። ንብይን ኮምሽን ዶብ ብመትክለ ተቐቢለዮ ክብል ከሎ በቲ ሕያዋይ ወይ ከኣ ቅኑዕ መግለጺ ክትርጎም ከሎ ዋላ ኡካ ኣይፍተዎ እምበር ክቕበሎ ዘሎኒ ጉዳይ ስለዝኾነ ተቐቢለዮ ኣሎኹ ዘሰምዕ ኣበሃህላ ኢዩ። በዚ ሕያዋይ ትርጉም ጥራሕ ክትከይድ እንተኾንካ ግን ምስ ኢትዮጵያዊያን ኣየናብረካን ኢዩ። መሰሓቒ መባጨዊ ኢኻ ትኸውን። ነቲ ካልኣይ ትርጉሙ ማለት ነቲ "ወርቂ" ዝብሃል ክተፈትሖ ኽትክእል ኣሎካ። እምብኣር ሕጂ ተርፉና ዘሎ ነዚ ግድሊ'ዚ ምፍታሕ ኢዩ።  መለስ ዝጸቕጠሉ ዘሎ ነጥቢ "ዝርርብ" ዝብል ሜላ ኢዩ። ዝርርብ ከኣ ቀጥታ ምስ ፕረዝደንቲ ሃገር ኤርትራ ማለቱ ኢዩ። ንመለስ ተገድሶ ዝዓበየት ጉዳይ ስልጣኑ ብኸመይ ትናዋሕ ኣቢሉም ብኽሉ መዳያት ፖለትካ ብኸመይ ይዕወት ዝብል ኢዩ። ካብ ተመክሮ መለስ ማለት ምስ ፕረዝደንቲ ሃገረ ኤርትራ ጽግዕ ኢሉ ናብ ስልጣን ክሓኩርን ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣኑ የጣጥሕ ከምዝይነበረ ኣብ ግዜ ውራ ውራ ብዓል ሰየ ኣብርሃን ገብሩ ኣስራትን ሚዛን ስልጣኖም ኣሐይሎም ንፕረዝደንቲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝጻብእሉ ዝነበረ እዋን ብሰንኪ ዋሕዲ ትብዓት መለስ ዘይተደላዩ ዕንወትን ግዜ ምብኻንን ወርዱ ሕጂ ነዞም ጎሓላሉ ምስ ኣጽረየ ተመልሹ ንፕረዝደንቲ ሃገረ ኤርትራ ሕሹኽ ክብሎ ደልዩ ዘሎ "ኣነ ኡኮ ይቃወሞም ኔረ ኢየ ዘይንሳቶም ዓምጾም እምበር" እንዳበለ ክመሻኸን ስለዝደለየ ኢዩ ሕጂ ነቲ ብመትክለ ዝብል ሜላ ኣዘርራርባ ዝጥቀም ዘሎ። ፕረዝደንቲ ሃገረ ኤርትራ እንተድኣ በል ይቕረ እለልካ ኣሎኹ ከም ቀደምና ንኹን እንተልዎ እቲኣ ምሕንጻጽ ዶብ ተቐብለያ ኣሎኹ ክብል ኢዩ። ኣይፋልን እዚ ካልእ ጉዳይ ስለዝኾነ ዳሕራይ መዓልቲ ቀስ እልና ንዘራረበሉ ሕጂ ግን ጉዳይ ዶብና ንግበር እንተልዎ ግን ኣነ ብመትክለ ዝበልኩ ኡኮ ባድመን ኢሮብን ዝገድፋልና እንተኾይኖም ማለተይ ኢየ ንኽብል ስለዝደለየ ኢዩ። ዶብ ምሕንጻጽ ማለት ንመለስ ስዕረቱ ውድቀቱ ኮይና ትረኣዮ ስለዘላ ብኸመይ ነብሱ የድሕና ካብ ዝተበለሓተላ ጉዳይ እዚኣ በመትከል ትብል መመሳመስት ኢያ። ቅድም ቀዳድም ንብይን ኮምሽን ዶብ ኣይቀበሎን ኢየ ማለት ጌጋ ኢዩ። እቲ ዝዓበየ ጌጋ ግን በመትከል ተቐብለዮ እልካ ክተመኻኘይ ከሎኻ ኢዩ። ካብቲ ጌጋስ እቲ ምኽንያት ይኸፍእ ዝብልኹም ከምዚ ኢዩ።

መለስ ተቓያያር ባህርያት ስለዘለዎ ጸኒሑ እንታይ ሒዙ ከምዝመጽእ ምትንባይ ኣይከኣልን። ኣነ ኡኳ ብዛዕባኡ ደፊረ ብዙሕ ክዛረብ ኣይክእልን። እንተኾነ ካብ ዝነበረትኒ ንእሽቶይ ኣፍልጦ ከካፍለኩም። ኣነ ተመሃራይ ቀዳማይ ዓመት ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፡ በቲ ግዜ'ቲ ቀዳማዊ ሃይለ ሳላሴ ዩኒቨርስቲ ዝብሃል ዝነበረ፤ መለስ ካልኣይ ዓመት ተመሃራይ ኢዩ ኔሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዓል መለስ ኣብ ፖለቲካ ንቑሓትን ንጡፋትን ዝነበሩ ኮይኖም ብዓል ኣነ ግን በጀካ እቲኣ ነጻነት ኤርትራ ኣማዕዲኻ ምጥማት ካልእ ክሳብ ክንዲዝ ናይ ፖለቲካ ኣፍልጦ ኣይነበረናን። ኣብቲ ግዚ'ቲ ብዓል መለስ ለይቲ ለይቲ ኣብ መደቀስና እንዳመጹ ንሃይለሳላሴ ብምቅዋም ካብ ትምህርቲ ኽንቦክር የጓሳጉሱና ኔሮም። በዚ መሰረት ከኣ ኣብ ፈቐድኡ ቀንፈዘው ንብል ኔርና። ዕድል ክርክብ ከሎ ከኣ ናብ ክፍሊ ንኣቱ ኔርና። ኣብ ሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ ማለት ባዮሎጂ መለስ ምሳና ይወስዳ ስለዝነበረ ይርእዮ ኔረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዓል መለስ ፍሉጣት እዮም ኔሮም። ባየሎጂ ምሳና ዝወስደላ ዝነበረ ምኽንያት ከኣ ካብ ፊዝካል ሳይንስ ናብ ፕሪሜድ (መፈለምታ ናይ ሕክምና ትምህርቲ) ስለዝኣተወ ተመልሹ ባየሎጂ ናይ ቀዳማይ ዓመት ክወስድ ግድነት ስለዝነበረ ኢዩ። እምብኣር ኣይተ መለስ ንዓና ነዝኦም ደቂ ገርሂ ልባ ትምህርቲ ኽነብኩር ይጎሳጉስ ከምዚይነበረ ለካስ ንሱ ኣብቲ ኣሎኹ መበሊ ዝተደላወ መዝገብ እንዳተሓብኤ ይፍርም ኔሩ እሱን ከምኡ ዝኣመሳሉን ተበለጸቲ ካብ ምስጓግ ክድሕኑ ከለዉ ገሊኣ ግን ሽዑ ንሓደ ዓመት ገሊኣ ከኣ ክልተ ዓመት ተቐጽዓ ተመልሻ። ካልእ ኣብቲ ግዜ'ቲ ካብ ዝገበሮ በለጽ ከኣ ከምዚ ዝሰዕብ ኢዩ። ከም ፍሉጥ ጭርሖ ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ጸረ-ፋዳልዝም፤ ጸረ-ኢምፔሪያልዝም ከምኡ'ውን ጸረ-ጽዮንዝም ምኳኑ እንዳተፈልጠ ከሎ መለስ ናብ ጽዮናዊት እስራኤል ተባሂላ ብተመሃሮ ትውገዝ ዝነበረት ሃገር ማህደረ ትምህርቲ ክወሃቦ ከምዘመልከተ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ተመሃሮ ዩኒቭርስቲ ተጋሊጹ። ሰለዚ መለስ ክእመን ከምዘይክኣል ብሩህ ኢዩ። እሞ መንግስቲ ኤርትራ ደላይ ሰላም ኮይኑ ከብቅዕ ነዚ ናይ መለስ ብዓል ሓሙሽተ ነጥቢ ናይ ሰላም እማመ ምንጻጉ ብኽልእ ዘይኮነስ ነቲ ቅኑዕ ማእዘን ሰላም ንምትሓዝ ከምዝኾነ ኽፍለጥ ይግባእ። መጀመሪያ መለስ ብዘይ ቅደመ ኩነት ማለት ነቲ ብይን ኮምሽን ዶብ ተቐቢለዮ ኣሎኹ ክብል ኣለዎ። ብድሕሪኡ ንዝርርብ

ክፉት ይኸውን። ማለት ብዝርርብ እምበር ብጎነጽ ዝፍታሕ ጉዳይ ስለዘየዋጽእ ኢዩ።ካብዚ ቀጺሉ ብዛዕባ ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ክነዕልል።

ናይ ኣቶ ሊሎዮድ ኣክሲወርዚ ጉዳይ ንኤርትራዊያን ሕንቅልሕንቅልተይ ኮይኑ ኣሎ። ኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ካብ ዝገብሮ ዘሎ ጌጋ ሓደ መልእኽቱ ብዘይምንጻሩ ኢዩ። ከም ዝፍለጥ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣቶ ኮፊ ኣናን ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ክመዞ ከሎ ፍሉይ መልእኽተኛ ኢሉ ኢዩ ሰምይዎ። ፍሉይ መልእኽተኛ ክብሃል ከሎ መንጎኛ ማለት ድዩ? እንድሕሪ መንጎኛ ማለት ኮይኑ ብሞንጎኛ ዝተወድኤ ጉዳይ እሞ ከኣ ባዕላቶም ሰብ ነገር ዝመረጽዎም መንጎኛታት እንዳሃለዉ ካልእ መንጎኛ እንታይ ኣድለየ? ብሓቂ እንተድኣ ኣቶ ኮፊ ኣናን ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ ከም መንጎኛ ንፍሉይ መልእኽተኛ ልእኽዎ ኮይኑ ንኣፍሪቃዊያን ዘይውክል ባዕላዊ ዋና ጸሓፊ ኢዩ ክብሃል ዝክኣል። እንተድኣ ከም መንጎኛ ዘይኮነስ ከም ፍሉይ መልእኽተኛ ጥራሕ መዚዝዎ ኮይኑ ግን እቲ ጌጋ ኣብ ኮፊ ኣናን ዘይኮነስ ኣብቲ ፍሉይ መልእኽተኛ ኢዩ ዘሎ። ከመይሲ ከምዚ ዓይነት መልእኽተኛ "ልኡኽ ሓሊቦ" ኢዩ ዝብሃል። ብዛዕባ ልኡኽ ሓሊቦ ከጻውተኩም። ሓደ ግዜ ሓደ ኣቦ ንወዱ ጽባሕ ንግሆ ናብ ሓሊቦ ዝተባህለ ዓዲ ናብ እንዳ ክስቶ ክልእኻካ ኢዩ እልዎ ኣብ መመደቀስኦም ከዱ። ንጻባሒቱ እቲ ወዲ ብድድ ኢሉ ብጉያ ንሓሊቦ ብምኻድ ኣብቲ እንዳ ክስቶ ዝተባህለ ገዛ ከይዱ ኣቦይ ልእኹኒ ኢየ መጺኤ እልዎም። እንታይ ኢዩ እቲ መልእኽቲ እንተበልዎ ቀባሕባሕ ኮይኑ። ምኽንያቱ ነቲ መልእኽቲ ከይሰምዔ ኢዩ መጽእዎም። ብድሕርዚ መልእኽቱ ኣጻሪዩ ንዘይመጽእ ሰብ " ልኡኽ ሓሊቦ" ዝብል ሽም ይወሃቦ ኔሩ። ሕጂ ከኣ ንኣቶ ሊሎይድ ኣክሲወርዚ " ልኡኽ ሓሊቦ" ጥራሕ ኢና ክንብሎ ንኽእል። እዚ ግን ንዳሕራይ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ፍሉይ መልእኽተኛ ጌርካ ንምቕራብ ኣይኮነን።

ዝኽሪ ንሰማእታትና

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ

www.afronorway.com

teckle@hotmail.com